## ትሕዝቶታት

### ስደተኛታትን ቀይሕ መስቀልን


| | |
|---|---|
| መእተዊ | 3 |
| ቀንዲ ነጥብታት | 4 |


### መደብ ሪሎኬሽኝ ስደተኛታት ኣብ ፖርቱጋል


| | |
|---|---|
| ስርዓት ዳግመ ሰፈራ ስደተኛታት ኣብ ሕብረት ኤሮጳ | 7 |
| መደባት ዳግመ ምግዓዝን ምስፋርን ስደተኛታት ኣብ ፖርቱጋል | 7 |
| ኣገባብ ኣተሓሕዛ ጠለብ ዕቑባ | 8 |


### ሽቕለት ኣብ ፖርቱጋል


| | |
|---|---|
| ኣገባብ ምምልካት ስራሕ | 11 |
| ኣሰራርዓ ዉዕለት | 12 |
| ግድነታትን መሰላትን | 13 |
| ጽላታዊ ንጥፈታት | 15 |
| ኣፍልጦ ሞያ | 16 |
| ትካል ስራሕን ካልኦት ኣገድስቲ ኣካላት ሽቕለትን | 16 |

# ስደተኛታትን ቀይሕ መስቀልን

## መግለጺ

ኣብ ግዜና ልዕሊ ዝኾነ እዋን ዝበዝሐ ስደተኛታት ኣለዉ። ከባቢ 224 ሚሊዮን ህዝቢ ስደተኛታት እዮም።( 3,3% ህዝቢ ዓለም )፣ልዕሊ 22 ሚልዮን ከኣ ሓተትቲ ዕቆባ።( ኣሁግራዊ ረፖርት ስደተኛታት 2018- ዓለማዊ ዉድብ ስደተኛታት)።

ምስ ዘይንቡር ዋሕዚ ስደት ምስራሕ ፣ ናይ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ሂላልን ነወሕ ሱር ዘለዎ ባህሊ እዩ። ቀይሕ መስቀል ፣ ሰብኣዊ መሰላትን ግቡኣትን ልዕሊ ኩሉ ኣብ ግምት ብምእታው፣ስደተኛ ካበይ ቦታ ሰጊሩ ኣትዩ ብዘይገድስ ንኹሉ ስደተኛ ጉሊሕን ዘይተውሰነ ድጋፋ ብምቕራብ ኣገዳሲ ተራ ትጻወት።

ቀይሕ መስቀል፣ ነቲ ሓፈሻዊ ቦታታት መንቀል ስደተኛታት ኣትብሎም ንጹር ዝኾነ **ስነ ልቦናዊ ገብረመልስታት** ትበርክት። ንሳቶም ከኣ፣ዕደላ መግቢ፣ስነ ልቦናዊ ድጋፍ፣ጥዕናዊ ሓገዝ፣ፕርናፌ ስድራ፣ማሕበረ-ሰባዊ **ምዉህሃድ**፣ ንስደተኛ መሰላቱን ግቡኣቱን ኣፍልጦ ምሃብ፣ኣብ ምክትታል ተሞርከሰ ምሞራዕግን ዘይምምዕራግን ስደተኛ፣መምሪሕታትን መወከሲታትን ምቕራብ፣ተኣፋፍነት ንምቅላል **ንቕሓት ከብ ኣብ ምባል**፣ብኣሁጉራዊ ደረጃ ብሙምርካስ ምክልኻል ሰብኣዊ መሰላት ስደተኛ፣ ከምኡዉን ኣስተዋጽኦ መንግስትን ህዝብን ማዕከናት ዜናን ኣብ ፖሊሲ ሰብኣዊ መሰላት ክብ ምባል እዮም።

ሞንጎኘኘት ቀይሕ መስቀል ፖርቱጋል ኣብ ዓዉዲ ምቕባል ስደተኛታት፣ ማዕረ ምስቶም ቀዳምነት ብምሃብ ኩሎም ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ሂላልን ብኣሁግራዊ ደረጃ ዝሓንጸጽሉ ንጥፈታት እዩ።

እዛ መጽሓፍ ንኣብ ፖርቱጋል ንሳልሳይ-ሃገር ከኾኑ ዝኽእሉ ፣ኣገዳሲ ሓቤረታታት ትሕዝ።

# ቀይሕ መስቀልን ሰድተኛታትን

## ኣገደስቲ ነጥብታት፣

### ኣሁጉራዊ ዑቕባ፣

ኣብ ፖርቱጋል፣ ሕጊ ምሃብ ዕቆባ ቁ.27/2008 ተባሂሉ ይፍለጥ ።( ሕጊ ምሃብ መሰል ዑቆባ) ምስ ምስንዳእ ሕጊ ቁ. 262/2014 ንኣካይዳን ኩንታትን መሰል ፍቓድ ዑቅባ መስረት ዝገብር ኣዩ። መሰል ምሃብ ዑቆባ ብምኽታታልን ምፍላጥን ኩነታት ሰደተኛ ይወሃብ ።ወይ ከኣ ተወሳኺ ካለእ ዓይነት ድጋፍ ይወሃብ።መግለጺታት ኣዞም ኩነታት ከኣ ካብ መስርሕ 2011/95/UE ከምኡ ዉን ኩነታት ሰደተኛ ዝምልከት ዋዕላ ጀነቫ ናይ 1995 ዝምንጭዉ እዮም።

### ሓታቲ ዑቐባ

ብዩን ዉሳነ ዘይተዋህበ ንኣሁጉራዊ ዑቆባ (ኣካያይዳ ዕቆባ) ዝሓተተ ኣካል ኣዩ።

### ሰደተኛ

ዝኾነ ኣክል ካብ ብሰንኪ ፣ዓሌት፣ዜግነት፣ፖሎቲካዊ ተቓዉሞ፣ ኣባል ናይ ዉሱን ማሕበራዊ ጉጅለ ሙኧኑ ስቓይ ወይ ስግኣት ምስ ዝወርዶ ብኩዉን ምኽንያታትት ኣብ ሃገሩ ክነብር ዘይክእል ሰብ እዩ።

### ሪሎኬሽን

መጠን ብዝዝሒ ስደተኛታት ካብ ግሪኽን ኢታሊን ንምቅላል ኣብ ሞንን ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤዉሮጳ ዝካየድ ምትሕብባር ምግዓዝ ስደተኛታት ኣዩ።

### ዳግመ ጥየሳ

ሓደ ካብቶም ሰለስተ ክዉናት ዉሁድን ወለንታዉን መሰላት ስደተኛ እዩ።

ዳግመ ጥየሳ ካብ መጀምርያ ዑቕባ ዝሓተተላ ሃገር ኣብኡዉን ኣብ ሕማቕ ኩነታት ክርከቡ ዝኽእሉ ናብ ቀዋሚ መሰል ፍቓድ ዑቕባ ትህብ ሃገር ምግዓዝ እዩ።

## ተነቀፍቲ ጉጅለታት

ኣብ ኩሉ ጉጅለ ናይ ስደተኛታ ብፉሉይ ተነቃፊ ጉጅለ ከም፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ስንኩላት ፣ኣረግቶት፣ይርከቡ።ኣዚኦም ልዕሊ ክልተ ሲሶ (70 ካብ ሚእቲ) ጠቕላላ ብዝሒ ሒዞም ይርከቡ።

## መሰነይታ ዘይብሎምን ንጹላትን ህጻናት

ብመሰረት ሕግታትን ስምምዓትን መሰላት ትሕቲ ዕድመ ፣ካልእ ተጻራሪ ኣሁግራዊ ስምምዕ ከሳዕ ዘይተርኽበ ፣ኩሉ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኡ ትሕቲ ዕድመ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

“ንጹል” ዝባሃል ኩሉ ካብ ወለዲ ወይ ዝከናኸንዎ ኣባላት ተፈልዩ ዝነብር እዩ(እዚ ግን ካብ ካልእ ኣባል ስድራ ምንጻል ብዘይገድስ) ስለዚ ወላ ምስ ሓደ ኣባል ዝተሰነየ ትሕተ ዕድመ ንጹል ክበሃል ይካኣል።

መሰንይታ ዘይብሎም ኣካላት ከኣ ካብ ወለዲ ወይ ኣባል ስድራ ወይ ዝኾነ ኣላይ ሰብ ዘይብሎም ህጻናት እዮም።ብሕጊ ኸኣ ኣላይ ኣካል ክቐርቡ ይግባእ።ኣብ ምምስራሕ ጠለብ ዑቕባ ናይዞም ዉሱን ጉጅለ ፣ኣቲ ዝበለጸ ተገዳስነት “ብዘይ ምግላል” ክብርከተሎም ይግባእ።

## መትከላት ብዛዕባ ምምላስ ትሕቲ ዕድመ

ብመትከል ዋዕላ ጀነቫ ዓንቀጽ ቁ□33 ካብ ዋዕላ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ሰብኣዊ መሰል (ሳልሳይ ዓንቀጽ) ኩሉ ህጻን ብሰንኪ ዓሌት፣ሃይማኖት፣ዜግነት፣ ተሳትፎ ኣብ ዝኾነ ማሕበራዊ ጉጅለ ፣ ብሰንኪ ሙኻኑ ስግኣት ወይ ሓደጋ ኪጋጥሞ ምስ ዝኽእል ፣ክምለስ ኣይግባእን።ብመሰረት ላዕላይ ኮሚሽነር ስደተኛታት (UNCHR) ወላ መሰል ዑቕባ ምስ ዝንጸግ፣ እዞም ዝተጠቐሱ መሰላት ክማላኣሎም ይግባእ።

# ቀይሕ መስቀልን ሰድተኛታትን

## ጥርናፈ ስድራ

ብመሰረት መትከላት ጥርናፈ ስድራ፣ *"ስድራ መሰረታዊ ኣካል ሕብረተሰብ ኦዩ።ብደረጃ ሕብረተሰብን ሃገርን ከኣ ድጋፍ ክግበረሎም ይግባእ"።* ኣዚ መትከል ፣ጥርናፈ ስድራ ዘረጋግጽን ነቶም ጥርኑፋት ኣካላት ዉን መሰል ዑቆባ ዘማልእን እዩ።

## ድንብር ዱብሊን

ኩለን ሃገራት ሕብረት ኤዉሮጳ ወላኳ ዝተፈላለየ መትከላት ናይ ምቕባል ስደተኛታት ይሃልወን፣ ኣብ መቕባልን መሰል ቀዋሚ ፍቓድ ምንባር ኣብ ዝኾነት ሃገር ናይ ሕ.ኤዉሮጳ ዝምልከት ደንበርን ሕግታትን ናይ ስደተኛታት ብዝምልከት ግን ናይ ሓባር ኣካይዳ ኣለወን። ድንብር ዱብሊን ነቲ ብዋዕላ ጀነቫ ዝምልከት ጠለብ ዑቆባ ናይ ሓደ ኣካል ናይ ኣየነይቲ ሃገር ተሓታትነት ሙኳኑ የነጽር። ኣብ መብዛሕኡ እታ መጀመርያ ዘኣተወላ ሃገር እያ። ኣብ 2003 ኣዚ ድንብር ናብ ድንብር ዱብሊን 3 ተሰናድአ። ኣብ 2008 ኮሚሽን ኤውሮጳ ፣ ኣብ ድንብር ዱብሊን ጽገናታትን ምምሕያሻታትን ኣቕሪቡ።እዚዉን ንደንበር ዱብሊን ናይ ሙቑም ዕድላት ከም ዝዓዝዝ ገይሩ።

# መደባት ዳግመ ምግዓዝ ስደተኛታት ኣብ ፖርቱጋል

## ስርዓት ድጋመ ምግዓዝ ስደተኛታ ኣብ ሕብረት ኤዉሮጳ

ኣብ 2015, ናይ ኣሁግራዊ ዑቆባ ጠለባት ብጉሊሕ ወሲኹ። ብፍላይ ኣብ ሃገራት ግሪኽን ኢታሊን።

ኮሚሽን ሕብረት ኤዉርጳ ካብዘን ሃገራት ጽዕነት ንምቅላል ፧ኣብ 2015 ናይ ህጹጽ ሜካኒስም ምግዓዝ ስደተኛታ ኣማዕቢሉ። ብሕ.ኤዉሮጳ ከም ዝተገልጸ ዳግመ ምግዓዝ ማለት ናይ ሓደ ኣካል ሓታቲ ኣሁግራዊ ዕቆባ ኣብ ሓንቲ ኣባል ሕ.ኤሮጳ ናብ ካልእ ኣባል ሃገር ምስግጋር እዩ።

ስርዓት ኤዉሮጳ ኣብ ዉሽጢ ክልት ዓመታት ን 120 ሽሕ ሰባት ንምግዕዓዝ ኣብ ግምት የእቱ። ዝበዝሐ ሰብ ንምቕባል ከኣ ብምልዛብ ዝተፈላለያ ኣባላት ሃገራት ኣቲ ግዜ ከም ዝናዋሕ ይግበር።ቀንዲ ናይዚ ፕሮግራም ቡቑዓት ዜጋታት ከኣ ፧ሶርያ፧ ኤርትራን ዒራቕን እዮም።

## መደብ ዳግመ ምግዓዝ ስደተኛታት ኣብ ፖርቱጋል

ነቶም ፍቓድ ናይ ኣሁግራዊ ዕቆባ ዝተወሃቡ ኣባላት ንምሕጋዝን ጠለባቶም ንምምላእን ፧ ፖርቱጋል ኣብ መወዳእታ ናይ 2015፧ **ጉጅለ ስራሕተኛታት ኦዉሮጳዊ ኣጀንዳታት ናይ ስደተኛ** መስሪታ （ስልጣነ ቁ.1oo41-A/2015). እዚ ጉጅለ ስራሕ፧ ብኣገልግሎት ስደተኛታትን （SEF) ካልኦት ዝተፈላለዮ ማሕበረ ሰባዊ ትካላት ከም ቀይሕ መስቀልን ዝተወሃሃደ እዩ።

## ኣካያይዳ ጠለብ ዕቑባ

ኣካያይዳ ጠለብ ዕቑባ ብዝምልከቶም በዓል መዝታት ዝካየድ ፣ኣዎንታዊ ወይ ኣሉታዊ መልሲ ክህልዎ ዝኽእል ጥርኑፍ ሕግታታን ምምስረሒታትን እዩ።

ኣገባብ ምምስራሕ ጠለብ ዕቑባ ናይ ብዳግመ ምግዓዝ ዝኣተወ ሰብ ምስ ኩሉ ኣመሰራራሓ ጠለባት ዕቑባ (ብመገዲ ጥልያን ወይ ግሪኽ ዝኣተዉ)ዝመሳሰል እዩ።ስለዚ፣ ኣዚ ዝስዕብ ንድፋታት ናይ መጀመርያ ደረጃታት ምምስራሕ ጠለባት ዑቑባ እዩ።

### ቀዳማይ መመስረሒ ደረጃ

ኣብ ፖርቱጋል ብኣየር ድሕሪ ምእታው ትካል ስደተኛታትን ዶብን (SEF) ምእካብ ሓቤሬታታት ከም ስእሊ ፣ዓሸራ ኣጻብዕ፣ ምግባር ይጅምር። ድሕሪኡ ናይዚ ሓበሬታታት ጸበጻብ ብይን ነቲ ሓታቲ ኣካል ተረክበ።እዚ ብይን፣ መሰላት ምምዝጋብ ኣብ ማእከል ጥዕና ፣ትምህርቲ፣ ከምኡዉን ስርዓት ኣገልግሎት ቀረጽ የዉሕስ።

### ካልኣይ ደረጃ መመስረሒ

ሓታቲ ዕቑባ ናብ (SEF) ክቐርብ ምልክታ ይወሃቦ።መግለጺታት ብዛዕባ መንነት ፣ዜግነት ሕሉፍ ኣድራሻ ፣ጉዕዞ ፣ ካልእ ንጠለቡ ሓጋዚ ክኸውን ዝኽእል መርትዖታትን መረዳእታታትን ምስ ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታታት የቕርብ።

ኣብዚ እዋንዚ ፣ (SEF) ብሙሉኡ ኣገደስቲ ሓቤሬታታት ናይ ጠለብቲ ዑቑባ ይእከብ ።ኣብዚ ብሙምርኳስ ከኣ ብ(SEF) ዉሳነ ይብየን ።

**ሳልሳይ መመስረሒ ደረጃ**

ብመሰረት ፍቓድ ጠለብ ወቕታዊ ፍቓድ መሰል መንበሪ(ARP) ይወሃብ ።ክሳዕ ናይ መወድኢታ ዉሳነ ዝወሃብ ከኣ ክሕደስ ይካኣል። ጠላቢ ዕቆባ ወቕታዊ ፍቓድ መንበሪ ምስ ዝረክብ ፧" *ብመሰረት ሓፈሻዊ ሕጊ ኣብ ዕዳጋ ሸቕለት ክሳተፍ ዉሕስነት ኣለዎ"።*

ዉሳነ ዕቆባ ኣወንታዊ ወይ ጭርነፋዊ ፍቓድ ምስ ዝረክብ እዞም ዝቕርቡ ዶኩመንታት ይወሃብ፧

## ቀዋሚ ፍቓድ ዕቆባ

ንሓሙሽተ ዓመት ናይ ፍቓድ ምጽናሕ ፧ዝኾነ ማሕበራዊ፧ ናይ ፖሊስ ብመሰርታዊ ግዳድ ምኽንያት ክሳዕ ዘይተዓንቀፈ ከኣ ክሕደስ ይካኣል።

## ናይ ስነ ልቦናዊ ምኽንያታት ፍቓድ ምቕማጥ

ድሕሪ ዉሳነ መሰል ስነልቦናዊ ፍቓድ ምቕማጥ ይወሃብ ን2 ዓመት ከኣ የገልግል።ብማሕበራዊ ፧ፖሊስ መሰረት ግዳድ ዕንቃፈ ክሳዕ ዘይተረኽበ ከኣ ክሕደስ ይካኣል።

ነቶም ጉጅለ ሰራሕተኛ ከም ተነግረ፧ኩሎም ብዳግመ ምግዓዝ ዝመጹ ጽግዕተኛታት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ዝጸንሕ ታሴራ ይወሃቡ።

ኩላቶም ዶኩሞንትታት ብክፍሊት ይሕደሱ፧

ኩላቶም ፍቓድ ዕቆባ ዝተዋህቡ ስደተኛታት ከኣ መሰል ጥርናፈ ስድራ ኣለዎም።

# ሽቕለት ኣብ ፖርቱጋል

## ኣገባብ ኣካይዳ ምልከታ ስራሕ

ኣብ ፖርቱጋል፣ስራሕ (ሽቕለት ምርካብ) ፣ኣብ ኣብ ማዕከናት ሜድያን ፖስታታትን ዝተወሰነ ጥራሕ ኣይኮነን።

ስራሕ ምድላይ፣ምስ ዓይነታት ዝተፈላለዩ ጽላታት ዝተወሃሃደ ክኸውን ኣገዳሲ እዩ እንተ ኾነ፣ እዞም ዝስዕቡ ሮቛሒታት ምግንዛብ ይግባእ።

- ናይ ሲ.ቪ ወረቐት ምሕላፍ
- ናይ ስራሕ ጵስታታት ብቐጥታ ምምላስ
- ብዙሓት ሓተታታት ስራሕ ምእማም
- ኣብ መደበር ሙቛም ሽቕለት (IEFP) ወይ ዝቐረበ ትካል ናይ ሽቕለት ምምዝጋብ (https://www.iefp.pt/)
- ኣብ ቤት ጽሕፈት ድጋፍ ሽቕለት ፣ዉሑል ቤት ጽሕፈት ድጋፍ ስደተኛታትን (GAE, GIP – Professional Insercition offices - መርበብ GIP ተመልከት፣ ኣብ ቀረባ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ዉሽጣዊ ትካላት ምድጋፍ ሽቕለትን ካልኦት ዝምለከቶም ትካላታትን ምምዝጋብ “Gabinetes Locais de Apoio ao Migrante ከምኡዉን ፣ Gabinete de Apoio Especializado ao Imigrante)”.
- ምስ መርበባት ዝምድና ምልዛብ (ስድራ፣ ኣእዕሩኽ ፣ መሳርሕቲ፣ ቆጸርቲ ስራሕ)

ኣብ ፖርቱጋል ዝበዝሑ ዋናታት ስራሕ ናይ ስራሕ ናይ c.v ወረቐት ይሓትቱ።ናይ ስራሕ ወረቐት ሞያዊን ኣካዲምያዊን መብሪህታት ሰራሕተኛ ዘለዎ ኣብ ናይ ምሉእ ዕድመ ዝተደልበ ክእለታትን ተሞኩሮታትን ዝገልጽ እዩ።ከም ሕጊ፣ ናይ ስራሕ ወረቐት ብፉሉይ ኣብ ዝተወሰነ ስራሕ ዘተኮረ ንዕድል ሽቕለት ምርካብ ብዝድርኽ መግለጺታት ዝተሰነየ ክኸውን ኣለዎ።

ከምኡዉን ተወዳደርቲ ኣብ ክፉል ናይ ዕድል ሽቕለት ዘለዎ ጋዜጣታት ከንብቡ ይግባእ።

# ሽቕለት ኣብ ፖርቱጋል

ዕድል ሽቕለት ንምርካብ ካብ ሜድያ ጥራሕ ክጽበዩ ኣይግባእን። ንስርሖም ዝሰማማዕ c.v ምስ መሰንይታ ወረቐት ገይሮም ፖስታታት ናብ ዝተፈላለያ ካምፓኒታት ክሰዱዉን ኣለዎም። ኣዚ መስርሕ ፍኑው ምድላይ ስራሕ ይባሃል።

ንደለይቲ ስራሕ ኣብ ምድላይ ሽቕለት ዘቃልል ዝተፈላለዩ ቤት ጽሕፈትታት ኣለዉ ("Gabinete de Apoio ao Emprego") ካብዘን ቤት ጽሕፈት ንምጥቃም ደለይቲ ስራሕ ኣብ ሓደ ካብዘን ትካላት ሞያዊ ኣፍልጦን ልምምድን ክወስዱ ኣለዎም። ካብ ኦንላይን መስርሒ ናይዘን ትካላት ዉን ምጥቃም ይካኣል።

ኣብዘን ትካላት ንምምዝጋብ እዞም ዝስዕቡ ሮቛሒታት ክማልኡ ኣለዎም፣

- ንስራሕ ህልዉ ሙኳን፣
- ዕድሜኻ ልዕሊ 16 ክኸዉን፣
- ፓስፖርት ወይ ካልእ ኤክስፓየር ዘይኮነ ናይ ስደተኛ ዶኩሜንትታት ክህልወካ፣
- ኣፍልጦ ናይ ወጻእተኛ ታሴራ ወይ ፓስፖርት ።
- ዝኾነ ኣብ ፖርቱጋል ምጽናሕ ዝፈቅድ ንእሽቶ ወረቐት ክህልወካ፣

## ዋዕላዊ ፎሩም

ኮንትራክት ናይ ስራሕ ሓደ ሰብ ናይ ስራሕ ቀንዲ ግቡእነቱ ዝምስክር ናይ ስራሕ ወረቐት ኣዩ።ኣዚ፣ ንቑሩብ ኣዋን ኣብ ትሕቲ ብዓል መዚ ምስ ሰርሐ ክዉን ይኸውን ( ኮድ ሕጊ ዕዮ ቁ.5/2007, ናይ 16 ጥቅምቲ)።

ዝተፈላለየ ዓይነት ናይ ስራሕ ኮንትራክት ኣለዉ፣ ንሳቶም ከኣ ናይ ዘይተወሰነ እዋን (ቀዋሚ) ከሙዉን ዝተወሰነ እዋን ዘገልግሉ ናይ ስራሕ ኮንትራክት( ርጉጽ ወይ ዘይርጉጽ) እዮም።

# ሽቐለት ኣብ ፖርቱጋል

ናይ ቀዋሚ ኮንትራክት ከም ሓፈሻዊ ናይ ቅበላ ኮንትራክት ጌሩ ክዉሰድ ኣድላዪ እዩ።

ንዉሱን እዋን ዝግበር ኮንትራክት ኩሉ ጊዜ ንግዝያዊ ግዳደ ናይ ሓደ ትካል ወይ ካምፓኒ ንምምላእ ዝግበር ኮንትራክት እዩ። እዚ ከኣ ዝኾነ ሰራሕተኛ ናይ ሓንቲ ካምፓኒ ምስ ዘብኩር ወይ ንፖሊሲታት ሽቐለት ምምላእ (ሓድሽ ሰራሕተኛ ዝምልከት) ወይ ከኣ ሓደስቲ ካምፓኒታት ኣብ ምምስራት ዝግበር እዩ።

ኮንትራክት እጃማዊ ኣገልግሎት ሓደ ኣካል ንኻልእ ኣካል ናይ ስነ-ሓሳብ ወይ ኢደ-ጥበባዊ ኣገልግሎት ንምቕራብ ዝግበር እዋናዊ ናይ ስራሕ ኮንትራክት እዩ ።

ነዚ ብዝምልከት ፣ ሰራሕተኛ ከምቲ ኣብ ናይ ቀዋሚ ኮንትራክት ዘለዎ ግዴታታት ይብሉን። ኣብ ባዕሉ ብሙምርኳስ ከኣ ቅኑዕ ኢሉ ዝርእዮም ስርዓታትን ስትራተጂታትን ናይ ምውሳድ ናጽነት ኣለዎ።

## ግቡትኣትን መሰላትን

ብዘይ ቅድመ ፍርዲ ናይ ካልኦት ግዴታታት፣ ሰራሕተኛ ነዞም ዝስዕቡ ሮቛሒታት ከማልእ ኣለዎ

ሀ) ንመሳርሕቱን በዓል መዚታት ናይ ስርሑን ብኣኽብሮት ምቕራብ

ለ） ትግሃትን ናይ ስራሕ ቆጸራ ምሕላውን

ሐ) ስራሕ ብጥንቃቐን ብሀርኩትነትን ምትግባር

መ) ብዋና ስራሕ ዝግበር ናይ ሞያዊ ስልጠና ብቱኽረት ምዝዛም

ለ) ንድስፕሊን፣ድሕነት፣ጥዕናን ናይ ካምፓኒ ዝምልከት ብዋና ስራሕ ዝውሰዱ መምሪሕታትን ትእዛዛትን ምኽባር።

ረ) ንዋና ስራሕ ብተወፋይነት ምስራሕ፣ማለት ኣብ ክንዲ ዋና ስራሕ ወይ ካልኦት መሳርሕቲ ብዝምልከት ተጻራሪ ሱጉምትታት ዘይምግባር

ሰ) ኩሉ ብዋና ስራሕ ዝዉሰን ልዝብን ምኽርታትን ብሓላፍነት ምትግባር

ሸ) ንናይ ካምፓኒ ፍርያምነትን ምምሕያሻትን ዝግበር ስጉምትታት ምትብባዕ

ቀ) ምስ ርጉጽነትን ድሕነትን ጥዕናን ናይ ካምፓኒ ወይ ትካል ዝሰርሑ ኣካላት ምትሕብባር

ቐ) ኣብ ንኣድላይነት ድሕነትን ርግኣትን ናይ ካምፓኒ ንምዉሳኽ ዝግበሩ ሜካኒስም ሓባራዊ ወፈራ ምስታፍ

## እዞም ዝስዕቡ ንዋና ስራሕ ክልኩላት እዮም

ሀ)ንጥፈታት ናይ ሰራሕተኛ ምጽራር

ለ) ብዘይ ምኽንያት ንዉጺኢታዊ ኣካይዳ ስራሕ ምዕጋት

ሐ) ኣንጻር ሰራሕተኛታት ጸቕጥታት ምፍጣር

መ) ሕግታት ሰራሕተኛ (labour code) ብዘይ ፈቕዶ ኣገባብ ፣ንደረጃ ናይ ሰራሕተኛ ምትሓት

ሠ) ብዘይ ስምምዕ ማሕበራዊ ወፈራ ወይ ሕግታት ሽቕለት ብሃንደበት ንሰራሕተኛ ናብ ካልእ ቦታ ስራሕ ምቕያር

ረ) ብዘይ ፍቓድ ሕጊ ናይ ሽቕለት ንሰራሕተኛ ናብ ሳልሳይ ኣካል ምጥቃም

ሰ) ንሰራሕተኛ ዘይምልከቶ ንብረት ወይ ኣገልግሎት ካብ ካልእ ዋና ስራሕ ንኽምጽእ ምግዳድ

ሸ) ብዘይ ምኽንያት ንስምዕ ወይ ኮንትራክት ምዕጻው ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ኢንተርነት ምዉካስ ይካኣል፣ (http://www.acm.gov.pt/-/direitos-e-deveros)

## ንጥፈታዊ ጽላታት

### መባእታዊ ጽላት

መባእታዊ ጽላት፣ባህርያዊ ጸጋግታት ብምምዝማዝ ኣብ ፍርያምነት ምዉዓል እዩ ። ኣብነታት ናይ ኢኮኖምያዊ ንጥፈታት ባእታዊ ጽላት፣ ሕርሻ፣ዕደና፣ምግፋፍ ዓሳ፣ እዮም። ቀረብ ንጥረ ነገር ናይ ፋብሪካታት ዘማልእ ቀንዲ ጽላት ከኣ እዩ።

### ካልኣዊ ጽላት

ብባሕታዊ ጽላት ዝፈርዩ ንጥረ ነጋራት ብፋብሪካ ናብ ከዳዉንቲ፣ማሺነሪ፣ዕሹግ መግቢ ወዘተ ዝልውጥ ጽላት ናይ ኢኮኖሚ እዩ።

### ሳልሳዊ ጽላት

ኣገልግሎት ዝምልከት ጽላት ናይ ኢኮኖሚ እዩ። ኣገልግሎት ማለት ንጠለብ ሳልሳይ ኣካል ንምዕጋብ ብዉልቀ ሰባት ወይ ካምፓኒታት ዝግበሩ ዘይ ጭቡጣት ፍርያት እዮም። በዚ ጽላት ዝነጥፉ ኣብነታት ኣገልግሎት ከኣ፣ንግዲ፣ትምህርቲ፣ኢንሹራንስ፣ ኣገልግሎት ስልኪ፣ ጥዕና፣ ኣገልግሎት ጽሬት፣ኣገልግሎት መግቢ፣ ቱሪስም፣ኣገልግሎት ባንክ፣ኣገልግሎት ሞጓዓዝያን እዮም።

### ራብዓዊ ጽላት

እዚ ጽላት ናይ ሮቦቲክስ፣ሳይበርነቲክስ፣ኮምፕዩተር እዩ። ኣገዳስነት ናይዚ ጽላት ምስ ጊዜ እንዳ ዓበየ ይኸይድ ኣሎ።

# ሽቐለት ኣብ ፖርቱጋል

## ሞያዊ ኣፍልጦ

ባዕዳዊ ብቑዕነት ብኣካዳምያዊ ኣፍልጦ ናይ ሞያ ክትግበር ይካኣል።

ኣካዳምያዊ ኣፍልጦ ፣ብመሰንይታ  ኣካይዳን ትሕዝቶን ሞያዊ ኣፍልጦ ብደረጃ ፖርቱጋል ተዳራጊ ናይ ሙኚን ብቕዓት እዩ።

ሞያዊ ኣፍልጦ ብወገን ዝምልከቶ በዓል መዚ ወይ ሚንስትሪ  ወዘተ,  ንምክትታል ምጣነ ንፐፈታት ሞያዊ ኣፍልጦ ምምዛዝ እዩ።

## ማእከል ሽቕለትን ካልኦት ሞንጎኛታት ኣሃዱ ሽቕለትን

ትካል ሞያን ልምምድ ሽቕለትን (IEFP) ኣብ ጥቕሉንነት ዕዳጋ  ስራሕ  ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ምንጭታትን ኣገልግሎታትን ይርከበን።

ብተወሳኺ ዉን ኣብ ፖርቱጋል ዝርከቡ ብኻልኦት ወደባት ዝተመስረተ ንደለይቲ ስራሕን ቆጸርቲ  ሰራሕተኛታትን  ዝሕግዝ ናይ ኦንላይን መድረኽ ምዉካስ ይካኣል።